## ናይ ከባቢ ርክብ

## ኣተሓባባሪት ናይ ክፍለ-ግዝኣት ትምህርቲ ናይ ገዛ ዘይብሎም

እዚ ሰነድ እዚ ብቤት ጽሕፈት ተቖጻጻሪ ህዝባዊ ትምህርቲ (Office of Superintendent of Public Instruction) ዝተዳለወ ኮይኑ፣ ካብ ሃገራዊ ማእከል ትምህርቲ ንገዛ ዘይብሎም ሰባት (National Center for Homeless Education) ዝተረኽበ ቋንቋን ንዋትን ተጠቒሙ እዩ። እዚ ሰነድ እዚ ብመሰረት ክሪኤቲቭ ኮመንስ CC-BY ዝተሓለወ እዩ። ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብ k12.wa.us ተወከሱ

Washington Office of Superintendent of
PUBLIC INSTRUCTION

# ንውላድካ ኣብ ቤት ትምህርቲ ንምሕጋዝ ክትፈልጦ ዘለካ

## መምርሒ ንወለዲ፡ ኣላዪን ኣለይትን



ስድራቤትካ ብሰንኪ ዘይምህላው መንበሪ ገዛ ኣብ ግዝያዊ ወይ ዘይእኹል ኩነታት መነባብሮ እንተሃልዮም፡ ውላድካ ንዝተወሰነ ትምህርቲ ብቑዕ ክኸውን ይኽእል እዩ።

## ብቕዓት ንኣገልግሎት McKinney-Vento

ስድራኻ ኣብዚ ዝነብሩ እንተኾይኖም፤

- ኣብ መዕቆቢ፦
- ኣብ ሞተል ወይ መዓስከር ብሰንኪ ኣማራዊ እኹል መንበሪ ኣባይቲ ብዘይምህላዉ፤
- ኣብ መኪና፣ መዕረፊ መካይን፣ ዝተደርበየ ህንፃ ወይ መደበር ኣውቶቡስ ወይ ባቡር፤
- ብሰንኪ ምጥፋእ መንበሪ ገዛ ምስ ካልኦት ሰባት ብዕጽፊ ወይ... ቁጠባዊ ፀገም፤

ውላድካ ምናልባት ብመንገዲ ሕጊ McKinney-Vento ዝበሃል ፌደራላዊ ሕጊ ሓገዝ ክረክብ ይኽእል እዩ።

## መሰላትን ደገፋትን McKinney-Vento

ን McKinney-Vento ብቑዓት ዝኾኑ ደቅኹም መሰል ኣለዎም ን



- ምርካብ ናይ ነጻን ግቡእን ህዝባዊ ትምህርቲ።
- ዋላ'ውን ንቡር ንምምዝጋብ ዘድልዩ ሰነዳት እንተዘይሃለዎም ብቕልጡፍ ኣብ ቤት ትምህርቲ ተመዝገቡ።
- እቲ ቤት ትምህርቲ ዘድልዩ ሰነዳት እናኣከበ ኣብ ቤት ትምህርቲ ይምዝገቡን ኣብ ክፍሊ ይሳተፉን።
- ኣብቲ ናይ ከባቢ ቤት ትምህርቲ ይምዝገቡ፤ ወይ ድማ ኣብቲ መበቆል ቤት ትምህርቲ (ብቐዋምነት ኣብ ዝነብሩሉ እዋን ዝተማህሩሉ ቤት ትምህርቲ ወይ ኣብታ ንመወዳእታ ግዜ ዝተመዝገቡላ ቤት ትምህርቲ) ምምሃር ይቀጽሉ፣ ናትካ ምርጫ ከምኡ እንተደኣ ኾይኑ።

  **እቲ ናይ ቤት-ትምህርቲ ዲስትሪክት እቲ ዝመረጽካዮ ቤት-ትምህርቲ ንረብሓ ደቅኻ ከምዘይኮነ እንተኣሚኑ፡ ሽዑ እቲ ዲስትሪክት ብዛዕባ መርገጺኡ ብጽሑፍ መብርሂ ክህበካን ንውሳነኡ ይግባይ ክትብል ዘለካ መሰል ክሕብረካን ኣለዎ።*
- ካብን ናብን መበቆል ቤት ትምህርቲ መጓዓዝያ ክትቅበሉ እንተሓቲትኩም።
- ከከም ድሌታት ደቅኻ፡ ምስቲ ንኻልኦት ተማሃሮ ዝወሃብ ኣገልግሎት ትምህርቲ ዝመጣጠን ኣገልግሎት ትምህርቲ ክትረክብ መታን።
- ውላድካ እንታይ ከም ዘካፍለካ ስምዓዮ እሞ ብዛዕባ ዝኾነ ዘጋጥሞ ጸገማት ድማ ምሰኡ ተዘራረብ። ብዛዕባ እዞም ጸገማት እዚኣቶም ምስ መምህር ወይ ኣማኻሪ ቤት ትምህርቲ እውን ክትዛረቡ ትኽእሉ ኢኹም።
- ውላድካ ኣብ ከም ስፖርትን ሙዚቃን ዝኣመሰሉ ነገራት ክሳተፍ መታን ኣተባብዓዮ።

## ሓገዝ ናይ ጸጋታት ካብ NCHE

### ነጻ ናይ ሓገዝ መስመር፡ 800-308-2145 ወይ homeless@serve.org

ሃገራዊ ማእከል NCHE (National Center for Homeless Education, ሃገራዊ ማእከል ትምህርቲ መንበሪ ገዛ ንዘይብሎም) ናይ ውላድካ ናይ ቤት ትምህርቲ መሰላት ክገልጸልካን ምስቲ ኣብ ቤት ትምህርትኻ ዝርከብ ናይ ከባቢ መራኸቢ ብኸመይ ከም እትረኽቦ ክነግረካን ይኽእል። እቲ ናይቲ ከባቢ መራኸቢ ኣካል፡ ንውላድካ ኣብ ቤት ትምህርቲ ንምምዝጋብን ውላድካ ዘድልዮ ሓገዝ ከም ዝረክብ ከረጋግጸን ይኽእል።

### ወብሳይት፡ http://nche.ed.gov

- መርበብ ሓበሬታ NCHE ብዙሕ ጽቡቕ ሓበሬታ ኣለዎ፣እዚ ድማ ንውላዶም ኣብ ቤት ትምህርቲ ክሕግዙ ዝደልዩ ወለዲ ዝኸውን መርበብ ሓበሬታ ዘጠቓለለ እዩ፡ https://nche.ed.gov/ibt/parent_res.php።

### ናይ ወላዲ ፓክ ፖከት ፎልደር

- ናይ ወላዲ ፓክ ፖከት ፎልደር ምስ ትምህርቲ ውላድካ ዝተኣሳሰሩ ኣገደስቲ መዛግብትን ወረቓቕትን ክትዕቅበሉ እትኽእል ማህደር'ዩ። እቲ ፎልደር ነቶም ገዛ ዘይብሎም ህጻናት ዘለዎም ትምህርታዊ መሰላት እውን ይገልጽ።
- ነዞም ፎልደራት ብነጻ ኣዘዞም ብ 800-308-2145 ብምድዋል ወይ ድማ ኣብዚ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ ብምእታው፡ https://nche.ed.gov/online_order.php
- ውላደይ ክሳተፎ ዝኽእል ስፖርት፡ ሙዚቃ፡ ወይ ካልእ ንጥፈታት ኣሎ ድዩ?
- ውላደይ ከመይ ኢሉ'ዩ ናብ ናይ ክፍሊ ናይ ሜዳ ዑደት ክኸይድ ወይ ኣብ ካልእ ናይ ቤት ትምህርቲ ንጥፈታት ክሳተፍ ዝኽእል፡ ኣነ ወጻኢታት ክኸፍሎ እንተዘይክኢለ?
- ንንኣሽቱ ደቀይ ዝኸውን ናይ ቅድመ ትምህርቲ መደብ ኣሎ ድዩ?

### ንውላደይ ኣብ ቤት ትምህርቲ ንምሕጋዝ እንታይ ክገብር እኽእል?



- ውላድካ መዓልታዊ ናብ ቤት ትምህርቲ ከም ዝኸይድን ኣዕሪፉን ተመጊቡን ከም ዝመጽእ ኣረጋግጽ።
- ውላድካ ዕዮ ገዛ ንኽሰርሕ ረበሻ ዘይብሉ ዝበለ ቦታ ኣዳሉ፤ ንውላድካ ኣብ ዕዮ ገዛ ንምሕጋዝ መዓልታዊ እኹል ግዜ ምድላው።
- ንኩነታት ጥዕና ውላድካ ተኸታተል፡ ዝኾነ ጸገም ድማ ብኣግኡ ተኸናኸኖ።
- ንውላድካ ኣብ ቤት ትምህርቲ እንታይ ይመሃር ከምዘሎ ሕተቶ። ንሳቶም ድማ ከረድኡኻ ግበር። ኣብ ትምህርቲ ውላድካ ተገዳስነት እንተ ኣርኢኻ፡ ኣገዳሲ ምዃኑ ክፈልጡ'ዮም።
- ንውላድካ መዓልታዊ ተኸታተሎ። ንዓበይቲ ቈልዑ፡ ንስኻን ውላድካን ብሓባር ስቕ ኢልኩም ንኽተንብቡሉ ኣብ ነፍሲ ወከፍ መዓልቲ ግዜ ምድላው። ብዛዕባ እቲ ዘንበብካዮ ተዛረብ።
- ውላድካ በቲ ጽቡቕ ዝሰርሖ ስራሕ፡ ከም ጽቡቕ ነጥቢ ምርካብ ወይ ኣብ ናይ ቤት ትምህርቲ ጋንታ ስፖርት ተሳታፍነት ዝኣመሰለ ንጥፈታት ንኣድ።

#### ጽቡቕ ሕቶታት ንፉዓት ኣንበብቲ ይፈጥሩ

ንህጻናት ብዛዕባ እቲ ዘንብብዎ ምሕታት ብሉጽ ኣተሓሳስባ ንኽህልዎም ይሕግዞም።

**ንዛንታታት (ልቢ ወለድ)፤**

- እንታይ ተፈጢሩ፡ ቀጺሉ እንታይ ክኸውን እዩ ትብሉ? ንምንታይ?
- ቀንዲ ገጸ ባህሪ መን እዩ? ትፈትዎም ዲኻ? ንምንታይ?
- ከምቲ ንሳቶም ዝገበርዎ ምገበርካዶ? እንተዘይኮይኑ እንታይ ምገበርካ? እዚ ዛንታ እዚ እንታይ ከም ዝስምዓካ ገይሩ?

**ንሓበሬታ ዝህብ ንዋት ምርካብ (ዘይ-ልበወለዊ)፤**

- እቲ ዓንቀጽ ወይ ምዕራፍ ብዛዕባ እንታይ እዩ ነይሩ? ብዝተኻእለ መጠን ብዙሕ ዝርዝር ሓበሬታ ሕተት።
- ቀንዲ ነጥቢ ናይ'ቲ ደራሲ እንታይ'ዩ ነይሩ ትብሉ?
- ኣየናይ ክፋል እዩ ዝያዳ መሳጢ ኮይኑ ዝረኸብካዮ?
- እዚ ሓበሬታ እዚ ኣገዳሲ ዝመስለካ ስለምንታይ እዩ?

## ብተደጋጋሚ ዝሕተቱ ሕቶታት

### ክግዕዝ ከለኹ፡ ውላደይ ኣብ ሓደ ቤት ትምህርቲ ከቐምጦ ድየ ወይስ ንውላደይ ናብቲ ኣብቲ ከባቢ ዝርከብ ቤት ትምህርቲ ከሰጋግሮ ኢየ?

ካብ ሓደ ቤት ትምህርቲ ናብ ካልእ ቤት ትምህርቲ ምግዓዝ ንህጻናት ከሕርቖም ይኽእል እዩ። ነቶም ዝፈልጥዎም ኣዕሩኽን መምህራንን ገዲፎም ሓደስቲ ኣዕሩኽን መምህራንን ቤት-ትምህርትታትን ክለምዱ ኣለዎም። በዚ ምኽንያት እዚ መብዛሕትኡ ግዜ ውላድካ ዋላ ናብ ካልእ ከባቢ እንተገዓዝካ ኣብ ሓደ ቤት ትምህርቱ (መበቆል ወይ ነዊሕ ዝጸንሓሉ ቤት ትምህርቲ) ክጸንሕ ዝበለጸ እዩ።

ውላድካ ኣብ ሓደ ቤት ትምህርቲ ክጸንሕ ድዩ ወይስ ናብቲ እትነብረሉ ሓድሽ ቤት ትምህርቲ ክግዕዝ ኣብ እትውስነሉ እዋን ክትሓስበሎም ዘለካ ገለ ሕቶታት እዞም ዝስዕቡ እዮም፤



- ውላድካ ዕድሚኡ ክንደይ እዩ?
- ሕጂ ዘሎካ መነባብሮ ክሳብ ክንደይ ቀጻሊ እዩ? ናብቲ ቀለባኻ ዝኾነ መበቆል/ነዊሕ ዝጸንሐ ቤት ትምህርቲ ክትምለስ መደብ ኣለካ ድዩ ወይስ ኣብ ጥቓ'ቲ ሕጂ ዘለኻዮ መነባብሮ ክትጸንሕ ትሓስብ?
- ውላድካ ምስቲ መበቆል ቤት ትምህርቶም ዝተኣሳሰር ድዩ? ሓደ ዝጎበዘ ቆልዓ ምስቲ መበቆል ቤት ትምህርቱ ኣዝዩ ዝተኣሳሰር ኮይኑ ዝስምዖን/ወይ ድማ ክምረቕ ዝቐረበን፡ ቤት ትምህርቲ ምቕያር ኣዝዩ ከቢድ ግዜ ከሕልፍ ይኽእል እዩ።
- ክትግዕዝ ስለ ዝተገደድካ ውላድካ ክሳብ ክንደይ ይጭነቕ ኣሎ? ኣብያተ ትምህርቲ ምቕያር ልዕሊ ዓቕምኻ ምኾነ ድዩ?
- ቤት ትምህርቲ ምቕያር ውላድካ ኣብ ቤት ትምህርቲ ድሕሪት ክተርፍን ሕማቕ ነጥቢ ከም ዝረክብን ምገበሮ'ዶ?
- እዚ እዋን እዚ ውላድካ ቤት ትምህርቲ ክቕይር ጽቡቕ ናይ ወቅቲ ወይ እዋን ድዩ፡ እዚ ድማ ከም ኣብነት፡ ኣብ መወዳእታ ሰሚስተር ወይ ናይ ትምህርቲ ዓመት፡ ድሕሪ ፈተና ወይ ድሕሪ ንውላድካ ኣገዳሲ ፍጻመ ምግጣሙ'ዶ ይኸውን?
- ውላድካ ካብቲ መበቆል ቤት ትምህርቲ ክግዕዝን መሊሱ ድማ ናቡኡ ክምለስን ክንደይ ግዜ ምሓለፎ? ነዊሕ ጉዕዞ ኣብ ስራሕ ቤት ትምህርቲ ውላድካ ኣሉታዊ ጽልዋ ክህልዎ ይኽእል'ዩ።
- ውላድካ ኣበየናይ ቤት ትምህርቲ ክመሃር ከም ዘለዎ ኣብ ምምራጽ ክትሓስበሎም ዘለካ ናይ ድሕነት ጉዳያት ኣለዉ ድዮም?

## ኣነን እታ ቤት ትምህርትን፡ ብዛዕባ ውላደይ ኣበይ ክመሃር ከም ዘለዎ እንተደኣ ዘይተሰማሚዕና’ኽ?

ንስኻን ቤት ትምህርትን እንተዘይተሰማሚዕኩም፡ እቲ ናይ ቤት ትምህርቲ ዲስትሪክት፡ ውላድኩም ካብቲ ንስኻ እትደልዮ ቤት ትምህርቲ ወጻኢ ካልእ ስለምንታይ ዝተፈልየ ካልእ ቤት ትምህርቲ ክኸይድ ኣለዎ ኢሉ ከም ዝሓሰቦ ብጽሑፍ ክነግረኩም ኣለዎ። እቲ ኣውራጃ እውን ነዚ ውሳነ ብኸመይ ይግባይ ክትብሉ ከም እትኽእሉ ብጽሑፍ ክነግረኩም ኣለዎ። ውላድካ ሕጂ’ውን እቲ ዘይምርድዳእ እናተፈትሐ እንከሎ፡ ኣብቲ ንዕኡ ዝበለጸ’ዩ ዝበልካዮ ቤት ትምህርቲ ክምዝገብ፡ ክመሃርን ምሉእ ብምሉእ ክሳተፍን ይኽእል።

## ኣብ ትምህርቲ ውላደይ ሓገዝ መታን ክረክብ ንመን ክረኽቦ እኽእል?

- ነፍሲ ወከፍ **ዞባ ቤት ትምህርቲ ናይቲ ከባቢ ናይ ገዛ ዘይብሎም ትምህርቲ** መራኸቢ ኣለዎ። እዚ ሰብ ወይ ኣካል እዚ ኣየናይ ቤት ትምህርቲ ንውላድካ ዝበለጸ ምዃኑ ክትውስንን ምስቲ ቤት ትምህርቲ ክትረዳዳእን ክሕግዘካ ይኽእል። እቲ ናይ ከባቢ መራኸቢ ንውላድካ ናይ ቤት ትምህርቲ ናውቲ፣ ተወሳኺ ኣገልግሎታት ከምኡውን ነጻ ናይ ቤት ትምህርቲ መግቢ ንኽረክብ’ውን ክሕግዞ ይኽእል እዩ፤ ካብን ናብን መበቆል ቤት ትምህርቲ መጓዓዝያ ምቛም፤ ከምኡ’ውን ናይ ማሕበረሰብ ደገፍ ንምርካብ ውን ይሕግዘካ።
- ንውላድካ ኣብ ሓድሽ ቤት ትምህርቲ ከተምዝግቦ ከለኻ፡ ምስ **መምህሮም** መታን ክትራኸብ ክትሓትት ይግባእ። ከምኡ’ውን ምስ መምህር ውላድካ በብእዋኑ ኩነታት ትምህርቲ ውላድካ ብዝምልከት ከመይ ከምዘለዉ ክትዛረብ ይግባእ። ብዛዕባ ስራሕ ቤት ትምህርቲ ውላድካ ሕቶታት ክትሓትትን ውላድካ ንኽመሃር ዝሕግዝ ሓበሬታ መታን ክትህቦምን እንተወሓደ ኣብ ቤት ትምህርቲ ውላድካ ንሓደ መምህር ኣጸቢቕካ ፍለጥ
- እቲ **ናይ ቤት ትምህርቲ ኣማኻሪ** ንውላድካ ንለውጥታትን ብድሆታትን ክገጥም ንዝኽእል ብዝምልከት ክሕግዞ ይኽእል። ውላድካ ኣብ ገዛ ከመይ ይዋሳእ ከምዘሎ፡ ወይ ንስራሕ ቤት ትምህርቲ ክጸልዉ ዝኽእሉ ነገራት ክገጥም ብዛዕባ ዝኽእል ነገራት ዝኾነ ሓበሬታ ምስዚ ሰብ ኣካፍሉ።
- ካልኦት ክትፈልጦም ዘለካ ጥዑያት ሰባት **ርእሰ መምህር ቤት ትምህርቲ፡ሓላፊ ተሳትፎ፡ መራሒ ኣውቶቡስ፡ማሕበራዊ ሰራሕተኛ ቤት ትምህርቲ፡** ከምኡ’ውን **ነርስ ቤት ትምህርቲ።**
- **ኩሎም ሰራሕተኛታት ቤት ትምህርትን፡** ዞባ ቤት ትምህርትን፡ ውላድካ ኣብ ቤት ትምህርቲ ጽቡቕ ንክሳተፍ ዘድልዮ ኩሉ ኣገልግሎታት ከም ዝረክብ ንምርግጋጽ ክሕግዙ ይኽእሉ። ኣብ ትምህርቲ ውላድካ ኣገዳሲ መሻርኽቲ ስለ ዝኾንካ ምስ ቤት ትምህርትን ዞባ ቤት ትምህርትን ከም ጋንታ ክትሰርሕ ይግባእ።

## ብዛዕባ ኣገልግሎታት መሰረት ብምግባር ሕጊ McKinney-Vento ብዝምልከት እንታይ ሕቶታት ክሓትት ኣለኒ?

- እቲ ናይቲ ከባቢ መራኸቢ ትምህርቲ ገዛ ናይ ዘይብሎም መን እዩ? ብኸመይ ክረኽቦም ይኽእል?
- ውላደይ ኣብ ሓደ ቤት ትምህርቲ (መበቆል ቤት ትምህርቲ) ንኽጸንሕ እንታይ ዓይነት መጓዓዝያ ተዳልዩሉ ኣሎ?
- ውላደይ ቤት-ትምህርቲ እንተቐይሩ፡ መዛግብቲ ብቕልጡፍ ናብቲ ሓድሽ ቤት ትምህርቲ ንምስግጋር መን ክሕግዘና ይኽእል?
- ውላደይ ብኸመይ ኣብ ቤት ትምህርቲ ብነጻ መግቢ ክቕበል ይኽእል?
- ውላደይ ከመይ ጌሩ እዩ ብነጻ ናይ ትምህርቲ ናውቲ መሳርሒ ክረክብ ዝኽእል፣ ኣድላዪ እንተኾይኑ?
- ውላደይ ፍሉይ ኣገልግሎት ትምህርቲ እንተድኣ ኣድልይዎ መን ክሕግዝ ይኽእል? እዞም ኣገልግሎታት እዚኣቶም ብኸመይ ብቕልጡፍ ክጅምሩ ወይ ክዳለዉ ይኽእሉ?
- ንውላደይ እንታይ ዓይነት ኣካዳሚያዊ ሓገዝ ኣሎ፣ ከም መደባት ኣርእስቲ I ወይ ድሕሪ ትምህርቲ ምምሃር ዝኣመሰሉ?
- እንታይ መደባት’ዮም ንኽእለት ውላደይ ንምምዕባልን ፍሉይ ድሌታቱ ንምምላእን ክሕግዙ ዝኽእሉ?

